**Hallo**
**Basel-Stadt**

Kanton Basel-Stadt

# ክፍለፕ ዝግብኦ ሐበሬታ

ቀዳሞት ስጉምትታት

ሰዓታት ምኽፋት / ስራሕን በዓላትን

መንበሪ ፍቓድን ምቕባል ዜግነትን

ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት

ኣልኮል / ትምባኾ / ሓሽሽ

እንስሳ ዘቤት

ኣብ ስዊዘርላንድ ብሓባር ምንባር

# ቀዳሞት ስጉምትታት

በቃ ናብ Kanton Basel-Stadt ገዓዝካ ዲኻ? ድሕሪኡ ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ነበርቲ ክትምዝገብ ኣለካ። ኣብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ነበርቲ ብኣካል ክምዝገቡ ከለዉ፡ ሓደስቲ መጻእቲ ውልቃዊ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መደረ ይቕበሉ።

## ወግዓዊ ምዝገባ

ኩሎም ኣብ Kanton Basel-Stadt ሓደስቲ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ውሽጢ 14 መዓልታት ኣብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ነበርቲ ኣብቲ ዝነብሩሉ ቦታ (Basel፡ Riehen ወይ Bettingen) ክምዝገቡ ኣለዎም።
ካብ ስዊዘርላንድ ወይ ካብ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ሃገር ወይ ናይ EFTA ሃገር ኢኻ፧ ወይ ብጽሑፍ፡ ብመንገዲ E-Moving CH ወይ ብኣካል ኣብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ነበርቲ Basel-Stadt፡ ኣብ Riehen ወይ Bettingen ክትምዝገቡ ትኽእሉ ኢኹም።
ካብ ሃገር ሕብረት ኤውሮጳ ወይ ካብ ሃገር EFTA ኣይኮንካን፧ በጃኹም ናብቲ ኣብ ማእከል ዓማዊል ስፒገልሆፍ ዝርከብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ነበርቲ (Einwohneramt) ምጹ። ኣብኡ ድማ ባዮሜትሪክ ዳታኹም ክንእክብ ኣለና። ንምምዝጋብ ክፍሊት ክትከፍል ኣለካ።
እዚ ኣድራሻ እዚ እዩ፧
Kundenzentrum Spiegelhof
Spiegelgasse 6
4001 Basel
Tel. 061 267 70 60
ንምምዝጋብ እንታይ የድልየኩም?
ብኽብረትኩም ኣቐዲምኩም ኣየኖት ሰነዳት ሒዝኩም ክትከዱ ከምዘለኩም ፍለጡ። እቲ ሰነዳት ብቛንቋ ጀርመን፡ ፈረንሳ፡ ጣልያን ወይ እንግሊዝኛ ክኸውን ኣለዎ።
ብርግጽ እዞም ሰነዳት የድልዩኻ እዮም፧

- ቅጥዒ ምዝገባ (Anmeldeformular)። ኣቐዲምካ ነቲ ናይ ምዝገባ ቅጥዒ ክትመልእ ኣለካ።
- ሕብራዊ ቅዳሕ ናይቲ ሕጋዊ ፓስፖርትካ ወይ መለለዩ ካርድካ (ን EU/EFTA)
- ቅዳሕ ናይ ክራይ ውዕል ወይ መንበሪ ፍቓድካ

እዞም ሰነዳት እዚኦም እውን ከድልዩኻ ይኽእሉ እዮም፧

- ቪዛ
- ምውሳድ ናይ ስራሕ ውዕል
- መግለጺ መዝገብ ገበን
- ናይ መርዓ ምስክር ወረቐት
- ምናልባት ካብዚ ንላዕሊ ክኸውን ይኽእል

ኣብ ውሽጢ ካንቶን እንተተሰጋጊርኩም ወይ ካብ ካንቶን Basel-Stadt እንተወጺእኩም፡ ነዚ ናብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ነበርቲ እውን ክትሕብሩ ኣለኩም።
ካብ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ ሃገር ወይ ናይ EFTA ሃገር ዘይኮንካ ግን ድሮ ኣብ ስዊዘርላንድ ትነብር ኣለኻ፧ ካንቶናት ትቕይሩ እንተኾይንኩም ቅድሚ ናብ ካንቶን Basel-Stadt ምግዓዝኩም ፍቓድ ቤት ጽሕፈት ስደት ውሰዱ። ምዝገባ ድሕሪኡ ጥራይ እዩ ዝከኣል።

## ናይ እንቛዕ ደሓን መጻእኩም መደረ

ንምምዝጋብ ናብ ቤት ጽሕፈት ምዝገባ ነበርቲ እንተኸይድኩም ውልቃዊ ቃለ መሕትት ክህሉ እዩ። ብሓጎስ ንቕበለኩም፡ ሕቶታትኩም ንመልስን ብዛዕባ ህይወት Basel ንነግረኩምን።

### ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/good-to-know/first-steps

# ሰዓታት ምኽፋት / ስራሕን በዓላትን

ኣብ ስዊስ መብዛሕትኡ ድኳናት ሰንበት ይዕጸዉ። ከይተዕጽዉ ዝውዕሉ ኣብ መደበር ባቡራት ዝርከቡ ድኳናት ኣዮም። ሕጋዊ ናይ ዕረፍቲ መዓልቲታት ኣብ ካንቶን ዝሕገጉ እዮም።

## በዓላት

ህዝባዊ በዓላት ብሕጊ ልክዕ ከም ሰንበት ይኽበሩ። ሓደ ነሃሰ (ሃገራዊ በዓል) ኣብ ምሉእ ስዊስ ብሕጊ ህዝባዊ በዓል ኢዩ። ብተወሳኺ ነብሲ ወከፍ ካንቶን ሾመንተ ካልኦት ህዝባዊ በዓላት ይውስኑ። ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ዝስዕቡ መዓልታት ከም በዓላት ብቕዓት ኣለዎም፥ ሓድሽ ዓመት (1 ጥሪ)፣ ዓርቢ ስቕለት (ቅድሚ በዓል ትንሳኤ ዘላ ዓርቢ)፣ ሰኑይ ፋሲካ፣ መዓልቲ ስራሕ (1 ጉንቦት)፣ ዕርገት (ሓሙስ 40 መዓልቲ ድሕሪ ሰንበተ ትንሳኤ)፣ ሰኑይ ጰንጠቆስት፣ ሃገራዊ መዓልቲ ናጽነት (1 ነሃሰ)፣ በዓል ልደት (25 ታሕሳስ)፣ መዓልቲ ስተፋን (26 ታሕሳስ) እዮም።

## ሰዓታት ምኽፋት / ስራሕ ድኳናት

ናይ ድኳን ናይ ምኽፋት ግዜ ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ እዩ። ኣብ ካንቶን Basel-Stadt፡ ድኳናት ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 6 ቅ.ቀ ክሳብ 8 ድ.ቀ ክፉታት ክኾና ይፍቀድ። ይኹን እምበር፡ እቲ ግዜ ከከም ድኳን ክፈላለ ይኽእል እዩ ከምኡውን ሓጺር ክኸውን ይኽእል እዩ። መብዛሕትአን ድኳናት ካብ ኣብ ሰሙን ቀዳም ቀዳም ይዕጸዋ፤ መብዛሕትኡ ግዜ ሰዓት 6 ድ.ቀ. መብዛሕትአን ድኳናት ሰንበት ይዕጸዋ። ፍሉያት ኣብ መደበራት ባቡር፡ ኣብ መዐደሊ ነዳዲ ወይ ናይ ከባቢ ድኳናት ዝርከባ ድኳናት ኮይነን፡ ንቡር 7 መዓልታት ክፉታት ኮይነን፡ መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ካብ ኩለን ካልኦት ኣቑዲመን ዝኽፈታን ድሒረን ዝዕጸዋን እየን።

## ሰዓታት ምኽፋት / ስራሕ ህዝባዊ ምምሕዳር

ምምሕዳር ካንቶን መብዛሕትኡ ግዜ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 8 ቅ.ቀ. ክሳብ 12 ድ.ቀ. ከምኡ'ውን ካብ ሰዓት 2 ድ.ቀ ክሳብ 5 ድ.ቀ ክፉት እዩ። ገለ ቦታታት ድሕሪ ቀትሪ ድሮ ሰዓት 1.30 ድ.ቀ. ብዝኾነ መንገዲ እቶም ቆጸርቲ ክፉታት ምስ ዝኾኑ ኣቐዲምካ ብኢንተርነት ወይ ብተሌፎን ምፍላጥ ይምከር።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/good-to-know/opening-hours--holidays

# መንበሪ ፍቓድን ምቕባል ዜግነትን

ንነዊሕ እዋን ኣብ ስዊስ ንምንባርን ንምስራሕን: ሓደ ናይ መንግስቲ ፍቓድ ይድሊ።እዚ ፍቓድ በብዓነቱ ግዝያዊ ፍቓድ ወይ ነባሪ ፍቓድ ተባሂሉ ይፈላለ።

## ናይ ፍቓድ ዓይነታት

ዝኾነ ሰብ ኣብ ስዊስ ዝሰርሕ ወይ ልዕሊ 3 ወርሒ ዝቕመጥ: ሓደ መንበሪ/ናይ ስራሕ ፍቓድ የድልዮ። እዚ ካብ ናይ ካንቶን በዓል ስልጣን ስደት (Migrationsamt) ይወሃብ። እዚ ናይ ሓጺር ግዜ መንበሪ ፍቓድ( 1 ዓመት) ወይ ግዚያዊ መንበሪ ፍቓድ ( ንዝተወሰነ ግዜ) ወይ ከኣ ነባሪ/ቀዋሚ (ዘይተወሰነ ግዜ) ፍቓድ ክኸውን ይኽእል ከምኡ እውን ናይ ምስግጋር ዶብ ፍቓድ።

- ናይ ሓጺር ግዜ መንበሪ ፍቓድ (L):እዚ ፍቓድዚ ንሓጺር ዝተወሰነ ግዜ ( መብዛሕትኡ 1 ዓመት) ንሓደ ፍሉይ መደብ ኣብ ስዊስ ዝጸንሑ ዝወሃብ ኢዩ። መብዛሕትኦም ዜጋታት EU-/EFTA-ሃገራት: ብስራሕ ምኽንያት ንሰልስተ ክሳብ ሓደ ዓመት ( ናይ ስራሕ ውዕል) ዘቕርቡ ዝወሃብ ፍቓድ ኢዩ።
- ግዝያዊ ፍቓድ (B): እዚ ፍቓድዚ ንዝተውሰነ ግን ነዊሕ ግዜ ዝወሃብ ፍቓድ ኢዩ። መብዛሕትኦም ዜጋታት EU/EFTA- ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ክጸንሑ ከምዝኾኑ እንተኣረጋጊጾምን: (ናይ ስራሕ ውዕል) እንተኣቕሪቦም : እዚ ዓይነት ፍቓድ ክወሃቡ መሰል ኣለዎም። እዚ ዓይነት ፍቓድ: ንዜጋታት EU/EFTA- ንሓሙሽተ ዓመት ይወብ። ንካልኦት ግን ንሓደ ዓመት ጥራይ ይወሃብ። ድሕሪዚ ግን መናውሒ ግዜ ፍቓድ ይሕተት። እዚ ናይ ምንዋሕ ሕቶ ቅድመ-ኩነት ዘማልአ ክኸውን ኣለዎ ንኣብነት: ናይ ጀርመን ቛንቛ ትምህርታ ስልጠና ንምብጻሕ።ነዚ ንምንዋሕ ረቛሒታት ስለዘየልኡ ኣይፍቀምን እዩ። ናይ መንበሪ ፍቓድ ንከይንዋሕ ዝዕንቅፉ ምኽንያታት: ዕዳ ወይ መቕጻዕቲ ገበን ምስዝህልወካ ወይ ካብ ሓገዝ ሶሽያል ተጠቃማይ እንተኮንካ። እቲ ናይ መንበሪ ፍቓድ ንልዕሊ ሽዱሽተ ወርሒ ብዘይምቑራጽ ኣብ ወጻኢ ሃገር እንተ ጸንሐ ኢዩ ዝውዳእ። ብወግዒ ዝተቐበሉ ስደተኛታት ናይ B መንበሪ ፍቓድ ይወሃቦም።
- ናይ ስዊዝ መንበሪ ወረቐት/መዕረፊ (መስፈሪ)ፍቓድ ሲ(C) Niederlassungsbewilligung C (Ausweis C)፡ እዚ ፍቓድ እዚ ኣብ ስዊዘርላንድ ን 5 ወይ 10 ዓመት ድሕሪ ምጽናሕ (ምንባር) እዩ ዝወሃብ። ኣብዚ እውን ን ካብ ሃገራት ኤውሮጳ/ኤፍታ ( EU/EFTA) ን ካብ ሳልሳይ ሃገራት ዝመጹ ሰባት ዝተፈላለየ ቅድመ ኩነት ይሕተት እዩ። ናብ ወጻኢ ሃገር ክትግዕዝ ከለኻ ኣብ ትሕቲ እተወሰነ ኹነታት እቲ ፍቓድ ንኣርባዕተ ዓመት ኪዕቀብ ይከኣል እዩ። ነዚ ዕላማ እዚ ኣመልኪቱ ናብ ቤት ጽሕፈት ስደት ክቐርብ ኣለዎ።
- ንግዚያዊ ተቐባልነት ዝምልከት መንበሪ ፍቓድ(F): እዚ መንበሪ ፍቓድ ዝወሃቦም ሓተትቲ ዕቕባ ስደተኛታት: ከም ስደተኛታት ብወግዒ ተፈላጥነት ዘይረኸቡ ኮይኖም: ንግዚኡ ክሳብ ኩነታት ከምቲ ዝጠልብዎ ዝኸውን ዕቕባ ዝወሃቡ እዩ። እዚ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ነብሲ ወከፍ ዓመት ክሕደስ ኣለዎ።

## ናይ ወጻእተኛታት መለለዪ መንነት

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝነብሩ ወጻእተኛታት ናይ ወጻእተኛ ፍቓድ (Ausländerausweis) ይረኽቡ። ዓይነት መለለዪ መንነት ኣብ ዝተፈላለዩ መዐቀኒታት ይምርኮስ። ካብ ወጻኢ ሃገራት ናብ ጀርመን ዝግዕዙ ሰባት ብመልክዕ ክረዲት ካርድ ባዮሜትሪክ መለለዪ መንነት ይረኽቡ። ነዚ ዕላማ ድማ ኣብ እዋን ምዝገባ ኣሰር ኣጻብዕትን ምስልን ይምዝገብ። መንነት ወረቐትካ እንተተሰሪቑ ወይ እንተጠፊኡ ብቕልጡፍ ናብ ፖሊስ ክትሕብር ኣለካ። ብጸብጻብ ክሳራ ካብ ፖሊስን ቅዳሕ ፓስፖርትካ ካብ ዓድኻ ወይ መንነት ወረቐትካ (ን EU/EFTA)፡ ሓድሽ መለለዪ ካርድ ካብ ቤት ጽሕፈት ስደት (Migrationsamt) ክትእዝዝ ትኽእል ኢኻ።

## ምንዋሕ ፍቓድ

ከከም ዓይነት መንበሪ ኩነታትን ዜግነትን እቲ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ዝተፈላለየ ፍልልይ ክናዋሕ ኣለዎ። ምንዋሕ ኣድላዩ እንተኾይኑ ቅጥዒ (Verfallsanzeige) ይመጸካ። እዚ ቅጥዒ ክምላእ ኣለዎ፣ ብኣስራሒ ክረጋገጽ ኣለዎ ድሕሪኡ ምስ ቅዳሕ ናይ ገዛኻ ፓስፖርት ወይ መንነት ካርድ (ን EU/EFTA) ናብ ቤት ጽሕፈት ስደተኛታት (Migrationsamt) ክለኣኽ ኣለዎ። ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ንቤት ጽሕፈት ስደተኛታት ተወከሱ

## ስርዓታዊ ምቕባል ዜግነት

ዝኾነ ሰብ ኣብ ስዊዘርላንድ ንዓሰርተ ዓመት ዝነብር ናይ ፌደራል ናቹራላይዜሽን ፍቓድ ክሓትት ይኽእል። ኣብ ስዊዘርላንድ ካብ 8 ክሳብ 18 ዓመት ዕድመ ዘሕለፍካዮ ዓመታት ብዕጽፊ ይቑጸር። ኣገደስቲ ረቛሒታት ንናቹራላይዜሽን ነቲ ናይ መንበሪ ናይ መወዳእታ ግዜ ከተማልእ፣ ቋንቋ ጀርመን ክትዛረብ፣ ዝተዋሃሃደ ምኳንካን ዕዳ ወይ መዝገብ ገበን ዘይብልካን እዩ።

## ዝቐለለ ተቐባልነት ዜግነት

ቀሊል ዝበለ ምቕባል ዜግነት ጥራይ ብፍልይ ዝበሉ ሕጋውያን ኩነታት ቀንዲ ጥራይ ንወጻእተኛታት ሰብ ሓዳር ስዊዘርላንዳውያን ወይ ከኣ ንተወላዲ/ት ካብ ስዊዘርላንድ ዝበቑለ ወለዲ ክፉት እዩ። ተፈጥሮኣዊ ምቕባል ዜግነት ንምቅልጣፍ ኮንፌደሬሽን/መንግስቲ ጥራይ እዩ ብዛዕባኡ ዚውስን።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/good-to-know/residence-permit

# ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት

**ዝኾነ ዕቕሚ ኣዳም ዝበጽሐ ሰብ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ክገብር ኣለዎ። እዚ ሓደ ሰብ ብዘይምፍላጥ ዕንወት ምስዘስዕብ ንዝመጽእ ክፍሊት ይሸፍን።**

## ሰብኣዊ ተሓታትነት

ሓደ ሰብ ንካልእ ሰብ ምስ ዝጎድእ: ወይ ኣብ ልዕሊ ካልእ ግድኣት ምስዘኸትል: እቲ ካልእ ሰብ ነቲ ጉድኣት ዘውረደሉ ብሕጊ ይሕቶ። ነዚ ዝግበር ክፍሊት ብዙሕ ክከውን ይኽእል። ንኣብነት ሓደ ሰብ ኣብ በረድ ሸተት ክብል ከሎ ንካልእ ሰብ ምስዝጎድእ: ኣማኢት ኣሽሓት ዕዳ ክሕተት ይከኣል።

## ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት

ኣብ ዕንወት ዘስዕብ ሓደጋ ትፍጽመሉ ግዜ ንዘጋጥም ጸገማት : እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት (Privathaftpflichtversicherung) ይድልየካ። ነዚ መብዛሕትኦን ናይ ውልቂ ናይ ድሕነት ትካላት ከም ኣማራጺ ይበርክታ። እዚ እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ንኩሎም ኣባለት ስድራ ቤት ብሓባር ክእቶ ይከኣል። እዚ ናይ ድሕነት ውዕል ናይ ግድን ኣይኮነን ክትኣትዎ: ግን ኣዝዩ ተመራጺ እዩ።

## ስርሓት ናይ ድሕነት

እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት: ንዘጋጥን ናይ ንብረትን ናይ ሰብን ክሳራ ሓደ ሰብ ኣብ ልዕሊ ካልእ ንዘኸትሎ ይሸፍን። ኣብዚ ናይ መዕረዪ ወጻኢታት: ምሕወዪ ወጻኢታት: ናይ ደሞዝ ክሳራታት: ወይ ናይ ቃንዛ መሕወዪ ወጻኢታት ይጠቓልል። እዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት:እንስሳ ዘቤት ዘስዕብዎ ክሳራታት ውን ይሸፍን። ኣብ ውሽጢ ሓደ ገዛ ዘብሩ ዘስዕብዎ ክሳራታት ግን በዚ ናይ ውልቀ ተሓታትነት ግዴታዊ ድሕነት ኣይሸፈንን ኢዩ። ኣብዚ ሰብ ኮነ ኢሉ ንዘስዕቦም ክሳራታት ኣይሸፍንን ኢዩ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/good-to-know/personal-liability-insurance

# ኣልኮል / ትምባኾ / ሓሽሽ

**ሕሽሽ ምውናን: ዝጥቀም ወይ ዝሸይጥ: መቕጻዕቲ ይመጽኦ። ኣልኮልን ትምባኾን ንምሻጥ ናይ ዕድመ ገደብ ኣሎዎ።**

## ሓሽሽ

ምውናን: ምሻጥ ወይ ምጥቃም ሓሽሽ ዘይሕጋዊ ሕሽሽ ብሕጊ የቕጽዕ ኢዩ። እዚ ብንእሽቶ መጠን ውን እንተኮነ የቕጽዕ ኢዩ። እቲ ንጥረ ነግራት ዘይሕጋዊ እንተኮይኑ: ኣብ ናይ ዘደንዝዙ ነገራት ሕጊ (Betäubungsmittelgesetz) ተሓጊጉ ኣሎ።ብንግዳዊ ደረጃ ዝሸየጥ ሓሽሽ ዓቢ መቕጻዕቲ የኸትል።

## ኣልኮልን ትምባኾን

ኣልኮልን ትምባኾን ንምሻጥ ናይ ዕድመ ገደብ ኣሎዎ። መሸጣ ኣልኮላዊ መስተን ትምባኾን ኣብ ካንቶን Basel-Stadt: ንቖልዑትን መንእሰያትን ትሕቲ 16 ዓመት ኣይፍቐድን ኢዩ። ንፍሉያት ኣልኮላዊ መስተታት ከም ደረቓልኮላዊ መስተ እቲ ናይ ዕድመ ገደብ ካብ 18 ዓመት ይኸውን።

## ምኽልካል ምትካኽ ሽጋራ

ምኽልካል ሽጋራ ምትካኽ ኣብ ስዊስ ካብ ካንቶን ናብ ካንቶን ይፈላለ። ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ኣብ ፈደራላዊ ሕጊ ንምክልኻል ሽጋራ ዘይሰትዩ ከምኡውን ኣብቲ ክፍለ-ሃገራዊ ሕጊ ኣጋይሽ እዩ ዝምርኮስ። ብዘይካዚ ካልእ ዝስዕብ ሕግታት ኣየተግብርን።
ምኽልካል ምትካኽ ሽጋራ:

- ኣብ ዕጹው: ክፉት ክፍልታት( ሕክምና: ምምሕዳር: ቤት ትምህርቲ: ቤተ መዘክር: ሲኔማ: ትያትር: ባቡርን ኣውቶቡስን:ድኳናትን ናይ ዕዳጋ ማእከላትን)
- ክፍልታት: ብዙሓት ሰባት ዝሰርሕሉ:

ኣብ ቤት ምግቢ ምትካኽ ሽጋራ: ኣብ መጠን ዕብየት ናይቲ ቤት ምግቢ ይፈላለ። ኣብ ገሊኦም ኣብያት መግቢ ዝፍለ ናይ ሽጋራ ዝትከኾ ክፍሊ ኣሎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/good-to-know/alcohol--tobacco--drugs

# እንስሳ ዘቤት

ዝኾነ እንስሳ ዘቤት ዝሕሉ ሰብ ዝተፈላለየ ሕግታት ክኽተል ኣለዎ። ንኣብነት፡ ገለ ዓይነታት እንስሳታት ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣፓርታማ ክቕመጡ ኣይክእሉን እዮም። ኣኽላባት ኣብቲ ካንቶን ክምዝገቡ ኣለዎም።

## ምውናን እንስሳ ዘቤት

ኣብ ገዛ ክራይ ዝነብር ሰብ: ንኣሽቱ እንስሳታት ከም ረጋቢት: ዓሳታት: ማንቲለ .. ክሕዝ ይኽእል።ኣብ ናይ ክራይ ውዕል ግን ሓድሓደ ግዜ እኽላባትን ደማሙን ምሓዝ ክኽልከል ይከእል። ኣክራዪ ወዝ ኣካራዪት ንድምጽን ጫውጫውታን ዝገብሩን ሓደገኛታትን እንስሳ ክኽልክል ይኽእል። ኣብ ርእሲ ዚ ወነንቲ እንስሳ ዘቤት ናይ እንስሳታት ተጣበቕቲ ሕግታት ክፍጽሙ ይግባእ። ስለዚ ገለ ፍሉያት እንስሳታት (ንእብነት ከም ማንቲለ ዘቤት) ንበይኖም ክትሓዙ ኣይግባእን። ከምኡ ውን ዝተሓተ ምምላእ ቅድመ-ኩነት ናይ ሰፈር እንስታት ኣቃውማን ግዝፊን ስፍሓትን ኣብ ግምት ይእትዉ። ብዙሓት እንስሳታት: ናይ ደገ እንስሳታት ኣብ ስዊስ ክእትዉ ኣይፍቀድን። ንካልኦት እንስሳታት ዝምልከት ፍሉይ ፍቓድ ካብ ሓኪም እንስሳ የድሊ።

## ኣኽላባት

ኣብ ካንቶን Basel-Stadt ሓደ ፍሉይ ናይ ኣኽላባት ሕጊ ኣሎ። ኣብዚ ሕጊ ብንጹር ናወነንቲ ኣኽላባት ዝምልከት ሕጊ ኣሎ። ዝያዳ ሓበሬታ ናይ ኣኽላባት ሓኪም ክህቡ ይኽእሉ።

- ኩሎም ኣብ ስዊስ ዝርከቡ ኣኽላባት ብሓደ ሚክሮቺፕ ክምዝገቡ ኣለዎም። ሓደ ናይ ሓበሬታ ማዕከን ኣብ ኮሚተር ክምዝገቡ ኣለዎም። ኩሎም ኣኽላባት ናይ ከልቢ መንነት ከም ክረዲት ካርድ ዝመስል (Kreditkartenformat)ይግበረሎም። እዚ ምስ ናይ ገዛ ከልቢ መንነት ሓደ ኣይኮነን። ነዚ ከኣ ንመገሲ ነቲ ከልቢ ናብ ናይ ኤውሮጳ ሃገራት ክትጥቀመሉ ኣይከእልን።
- ኣኽላባት ኣብ ካንቶን ክምዝገቡ ኣለዎም። ነዪ ከኣ ኦንላይን-ፎርም፣ ማለት ቀጥዒ ኣብ ኢንተርነት ኣሎ። ኩሉ ዓመት ግብሪ ክኽፈል ኣለዎ። ንነፍሲ ወከፍ ከልቢ ምእንቲ ኽዕቅቦ ናይ ሓላፍነት መድሕን (Haftpflichtversicherung) እውን ክምዝገብ ኣለዎ።
- ኩሎም ወነንቲ ከልቢ ሰገራ ከልቦም ክእክቡን ክጉሕፉን ኣለዎም። ከምኡ ዘይገበረ ሰብ ክቕጻዕ ይኽእል እዩ።
- ንገሊኦም ዓይነታት ዓሌታት ከልቢ (ንኣብነት ፒትቡል ወይ ሮትቫይለር) ፍሉይ ፍቓድ የድሊ።
- ብሓፈሻ ኣብ መናፈሻታት ከተማን መጻወቲ ህጻናትን ኣኽላባት ኣይፍቀዱን እዮም። እቶም ናይ ከልቢ ነጻ ዝንዩ ዞባታትን ናይ ከልቢ መሕጸቢ ቦታታትን ኣብቲ ናይቲ ካንቶን "ካርታ ኣገልጋሊ/ ማፕሰርቨር" ምልክት ተገይሩሎም ኣሎ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/good-to-know/pets

# ኣብ ስዊዘርላንድ ብሓባር ምንባር

**ነፍሲ ወከፍ ሃገር ባህላዊ ፍሉይነታ ኣለዋ። ኣብ ስዊዘርላንድ እውን ክትፈልጦም ዝግበኣካ ዝተወሰኑ ስነ-ምግባራት ኣለዉ።**

## ዝተፈላለዩ ባህልታት

ኣብ ስዊዘርላንድ ዝተፈላለየ ባህልን ኣተሓሳስባን ኣሎ። እዚ እውን ብሰንኪ እቶም ኣርባዕተ ሃገራዊ ቋንቋታት እዩ። ኣብታ ቋንቋ ጀርመን እትዛረብ ስዊዘርላንድ ንቡር ዝኾነ ነገር ኣብታ ቋንቋ ፈረንሳ እትዛረብ ስዊዘርላንድ ፍጹም ዝተፈልየ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ መንጎ ከተማን ሃገርን ዘሎ ፍልልይ እውን ዓቢ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ ኣብ ኩሉ ቦታታት ስዊዘርላንድ ሓደ ዓይነት ልምድታት ኣሎ።

## ሰላምታ

ኣብ ስዊዘርላንድ ሰላምታና ከምዚ እዩ: መብዛሕትኡ ግዜ ኢድ ንኢድ ተተሓሒዝና ኣብ ኣዒንቲ ንሓድሕድና ንጥምት። ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን እውን ኣብ ኣዒንቲ ነንሕድሕዶም ይጥምቱ። ኣብ Basel "ግሪዚ" ንብል። ሰባት ኣዝዮም ክፋለጡ ከለዉ "ሳሊ" ወይ "ሆይ" እውን ይብሉ። ኣብ ዓዲ ሰባት ዋላ ዘይፋለጡ ኣብ ጽርግያ ሰላም ይብሉ።
ኣብ ስዊዘርላንድ ጭውነት ኣገዳሲ እዩ። ስለዚ ኢና ድማ ብዙሕ ግዜ "የቐንየለይ" "በጃኻ/ብኽብረትካ" ንብል። ንኣብነት ኣብ ድኳን ወይ ኣብ ቤት መግቢ ብዙሕ ግዜ "የቐንየለይ" "በጃኻ" ንብል።

## ኣብ ግዜኻ ምርካብ

ኣብ ስዊዘርላንድ ብፍላይ ኣብ ስራሕ ሰዓቱ ምሕላው ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ልዕሊ 5 ደቂቕ እንተ ደንጒኹም ኣብ ሰናይ ግዜ ክትሕብሩና ብትሕትና ንሓትት። ምስ ሓደ ሰብ ክትራኸብ ትደሊ ዲኻ? ድሕሪኡ ኣቐዲምካ ቆጸራ ውሰድ።

## ተዘዋዋሪ ዝርርብ / ምምሕልላፍ ሓበሬታ

ኣብ ስዊዘርላንድ መብዛሕትኡ ግዜ ነቐፌታ ብቐጥታ ኣይንገልጽን ኢና። መብዛሕትኡ ግዜ ምልክት ጥራይ ኢና ንህብ። እዚ ከምዚ ኢሉ እናሃለወ፡ እቲ ካልእ ሰብ ነቲ ነቐፌታ ከም ዝርድኦ ንገምት። ገና ኣብ ቋንቋ ጀርመን ንቑዕ እንተዘይኮንካ እዚ ብፍላይ ከጸግመካ እዩ።
ከምኡ'ውን ሓደ ሓደ ግዜ ካብ ግርጭት ንርሕቕ። ጎረባብትኻ ንኣብነት ዝተረበሹ ይስምዖም? ሽዑ ምናልባት ብኣካል ከይበጽሑኻ፡ እንታይ ደኣ ደብዳቤ ክጽሕፉልካ ይኽእሉ። ትኽክል ተረዲኡካ እንተኾይኑ ርግጸኛ ኣይኮንካን? ሽዑ ደጊምካ እንተትሓትት ይሓይሽ።

## ዝያዳ ሓበሬታ (ሊንክኣድራሻታት ብሮሹራት ቡለቲን)

www.hallo-baselstadt.ch/ti/good-to-know/coexistence-in-switzerland